30-08-2023

# እቲ ብቦርድ ትምህርቲ (Board of Education) ዝተኻየደ ናይ ቦርድ ናይ ክልተ-መዓልቲ ናይ ጽምዋ-ግዜ (ሪትሪት)፡ ነቲ ብዛዕባ ዓወት ዘሎና ሓበራዊ ራእይ ዘረጋገጸ ነይሩ

ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education)፡ ኣብ 23ን 24ን ነሓሰ ኣብ ዝነበረ ናይ ክልተ-መዓልቲ ናይ ጽምዋ ግዜ ብምርኻብ፡ ምስ ኣማሓጸርቲ ናይ ኣውራጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምዃን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስታት ትርጉም ዘለዎ ዝርርባት ኣካዪዱ። እዚ ድማ ንኣጠቓቕማ መሳለጥያ፡ ህንጻን ምምሕያሻትን፡ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣወሃህባ ምስክር-ወረቐት Cognia፡ ርኽበታት ኦዲት፡ ገምጋም ናይቲ ዋና-ኣማሓዳሪ ኣብ ፈለማ 30 መዓልታት ዝሰርሖ ስራሕ ከምኡውን ገምጋም ቦርድ ዘጠቓልል ነይሩ። እዚ ናይ ጽምዋ-ግዜ፥ ኣብ መጻኢ ኣውራጃ ብፍሉይ ብምትኳር፡ ንዝተኻየደ ስራሓት ኣብ ምግምጋምን ውጥን ኣብ ምውጻእን ውጽኢታዊ ግዜ ነይሩ።

“ሕቶታት ብምሕታትን ኣገዳሲ ርእይቶ ብምሃብን ኣፍልጦ ከምዝህልወና ስለዝገብር፡  ምስ ኣማሓደርቲ ኣውራጃና ክፉት ዝኾነ መስመር ርክብ ቀጻሊ ከምዝህሉ ክንገብር ኣገዳሲ እዩ። እዚ ናይ ጽምዋ-ግዜ፡ ከምኡ ንኽንገብር ኣዝዩ ብሉጽ ዕድል ሂቡና” ብምባል Mr. Diijon DaCosta ተዛሪቡ። “ከም ኣቦ-መንበር መጠን፡ ኣባላት ቦርድ፡ ብዛዕባ እዋናዊ ምዕባለታት ኣውራጃና ኣፍልጦ ሃልይዎም ንኽርኢ ብተወፋይነት ይዓዩ። እዚ ዓይነታት ምትሕብባር፡ ብዛዕባ መጻኢ መምህራንና፡ ሰራሕተኛታትናን ስድራቤታትናን ኣብ ዘሎና ሓበራዊ ራእይ ንሰርሕ ከምዘሎና ዜረጋግጽ እዩ።”

እዚ ስምዒትዚ ድማ በታ ብዛዕባ ክብሪ ናይዚ ጽምዶታት'ዚ ዘብርሀት ምክትል ኣደ-መንበር Mrs. Deirdre Pierce ተቓሊሑ እዩ።

“እዚ ናይ ጽምዋ-ግዜታት፡ ነቲ ኣዝዩ ሓጋዚ ዚኾነ ማለት ‘ብኸመይ’ ከምኡውን ‘ንምንታይ’ ውሳኔታት ከምዝተዋህበ ንኽንፈልጥ፡ ሓሳባት ንኽንለዋወጥን ንኽንርዳእን ኣገዳሲ ዕድላት ዚህብ እዩ” ብምባል ተዛሪባ። “እቲ ብሓባር ዘሕለፍናዮ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ተሓኲሰሉ እየ፣ እቶም ዘለዉና ብዙሕ ፍልጠት ዘለዎም ሞያውያን ኣቕረብትን ኣሳለጥትን፡ ከም ኣሃዱ ምምሕዳር መጠን ንዘሎና ክእለታት ኣብ ምጥንኻር ዘተኮረ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ብሉጽ ስራሕ ሰሪሖም እዮም፣”

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ነጥብታት'ዚ ናይ ጽምዋ-ግዜ፥ ብዛዕባ'ቲ ሓድሽ ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Horton ኣብ ፈለማ 30 መዓልታት ከም መሪሕ ዝሰርሖ ስራሕ ዚምልከት ዝርርብ ነይሩ። ኣባላት ቦርድ፡ ነቲ Dr. Horton ዕዉት ወግዓዊ ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ 2023-2024 ከምዝህሉ ኣብ ምግባር ንዝሰርሖ ስራሕ ብምድናቕ፡ ኣብ ትግባረ *“ንብሉጽነት ለውጢ ምግባር (Disrupting for Excellence*)” ንዝተኸተሎ ዓይነት መሪሕነት ድማ ብሓደ ድምጺ ክብሪ ሂቦም እዮም።

“ብዛዕባ ትምህርቲ ዝተኸፍተሉ ሰሙን ከምኡውን እቲ ኣብ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘተኣታተዎ ለውጢ ድማ ኣብ ምሉእ ዓወት ናይቶም ንተማሃሮታትና ዚምህሩ መምህራንን ኣብ DCSD ንኺህሉ ትጽቢት እንገብረሉ ኣዝዩ ፍሉይ ዚኾነ ብሩህ መጻእን ብኸመይ ብዙሕ ኣተኲሮ ከምዝሃበ ብዘቕረቦ እወታዊ ገምጋም፡ ብDr. Horton ኣዝየ ሕጉስቲ እየ! ንተማሃሮታትና፡ ሰራሕተኛታትናን ኮማትናን ብማዕረ ዜርብሕ እዩ!” ብምባል Mrs. Pierce ተዛሪባ።

ኣብ ዝቕጽል እዋን ክስራሕ ዘለዎ ብዙሕ ስራሕ ከምዘሎ ብምግንዛብ፡ እዚ ናይ ክልተ-መዓልቲ ናይ ጽምዋ-ግዜ፡ ኣብ ልዕሊኡ ክህነጸ ንዘለዎ ጽኑዕ መሰረት ሰሪቱ እዩ። ንኣካዳምያዊ፡ ማሕበራዊ፡ ስነልቦናውን ኣካላውን ውጽኢታት ናይቶም ኣብ ኣውራጃና ዝርከቡ ኣስታት 92,000 ተማሃሮን 14,500 ሰራሕተኛታትን ንምምሕያሽ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሓደስቲ ኣማሓደርቲ ኣውራጃን መሪሕነት ቦርድን ዚህሉ ናይ ጉጅለ ስራሓት፡ ምሉእ ኣፍልጦ ብምህላውን ብምትሕብባርን ንኺካየድ መድረኽ ፈጢሩ እዩ።

ኣብ መንጎ ቦርድ ትምህርትን ኣማሓዳርቲ ኣውርጃን ሓያል ሽርክነት ኪህሉ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ኣብቲ ምሉእ'ቲ ዝነበረ ናይ ጽምዋ-ግዜ ግሉጽ ነይሩ። እቲ ዘለዎም ዓቕሚ ምሕደራ፥ ኣብ ምምዕባል ፖሊሲታት፡ ኣብ ምድላው ንጹር ዕላማታትን መምዘኒታትን፡ ኣብ ምጥንኻር ተሓታትነት ከምኡውን ኣካዳምያዊ ብሉጽነትን ሓላፍነታዊ ምሕደራ ፋይናንስን ንዜተባብዕ ምዕሩይ ዝኾነ ተበግሶታት ኣውራጃ ቀዳምነት ኣብ ምሃብን ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

XXX